## <u>ኣበሳ ዅናት</u>

ሐደ ነገር ዓዚሙ
ሐደ ነገር ተዳህዩ
ንህድኣት በሲፁ
ሐደ ነገር ኣቃሊሑ።
ኣብታ ክልተ የሕዋት ዝተሓላለፉላ
ኣብታ ክልተ የሕዋት ዝራኸቡላ
ኣብታ ክልተ የሕዋት ዝዋሰቡላ
ኣብ ቅርዓት ሂወትን ሞትን
ኣብ ወሽመጥ ጥፍኣትን ልምዓትን
ኣብ ሽንጭሮ ሻቕሎትን ሰላምን
....ተቖርቚሩ
ሓደ ነገር ተዳህዩ።
ሽዑ ሓንቲ ፍረ ዘርኢ.....
ጭዓን ሰራውን እናተታፍአ
መሽላን ብልቱግን እናተጎናንአ
ዝእክቦ ስኢኑ ሓድሕዱ እናተበላልዐ
ብሰርቢ ንብዓት ተሰጒዳ
ካብ ነብሳ ጎሚዳ ነብሳ ተጎሚዳ
ካብ ነብሳ ነብሳ ዘሪኣ።
ኣብቲ ዛጊት ዘይተፈርሸሐ
ኣብቲ ኣየናይ ናይ መን ዘይፍለ
ዋሕዚ ደምን ማይን
....ተተኺላ
እታ ዘርኢ ግን...
ብቐዛሒት ጸሓይ
ብዘይሰክን ሰርቢ
ብፋሕሸዋይ በርቂ
ብዘንድድ ዝናብ...ተዓጂባ፡
ጋዕገልጠም ሐጺነ-መጺን ሰሊኻ
መልኣከ ሞት ተጊራ
ምኹን ሂወት ሓንጊራ
እነሆ ኣርኪባ ኣብ ኣዝመራ።
እታ ዘርኢ....
ካብቲ ዘይተፈርሸሐ ደምን ማይን
ናይ መን ናብ መን ዘይጠለለ
ማይኮያኡ ዘይለለ
ባዕላ ኢ.ያ በጺሓ
ኣብቲ ኣዝመራ ክትፍለ
ኣብቲ ኣዝመራ ግን...
የማና እንተማዕደወት
ንሱ ሰብኣይ ንሳ ጭሕሚ
ጸጋማ እንተማዕደወት
ንሱ መሬት ንሳ ተኽሊ
ደንጺዋ... ግራሞት ተዓንጊላ
ተደናዲና... ዝርያ ኸኣ ዘይኣመላ
ምስ መንያ ክትጽጋዕ ኣበይ ክተድቢ
ናበይ እያ ከተድምዕ ናበይያ ክትድርቢ
እቲ ኣዝመራ ግን ሕማቑ እቲ ዘይምጽባቑ
ብኣፍ ጥይት ሓሪሱ
ካዕቦ ሂወት ኣፍሲሱ

ሕልፈት ካብ ትንፋስ ኅልኊሉ
ንሞት ብሞት ዓጺዱ
ኣብ ዝባን ውሉድ ኣኺዱ
ኣማስያኡ ነታ ፍረ ኣብ ስግኣት ጠፍሊቹ።
እታ ፍረ....
መዓልትን ለይትን ሓደ እዩ ኮይንዋ
ሻቕሎትን ሩፍታን ተሓዋዊስዋ
ዓለም ኣብ ውሽጢ ዓለም
ኾናት ኣብ ውሽጢ ሰላም
እምነት ኣብ ሕጓ ዘለ ጥልመት
ምስ ረኣየት ደንጺዋ።
ዘየደንጹ ድዩ'ሞ?

ኣዝመራ ኾናት እቲ ኣበሳነቱ
ንብዓት ኣደ ንውላዳ
ንብዓት እንዳ ነታ ርስታ
ንብዓት መሬት ንመሬታ
ውሒዙ ውሒዙ ምስ ዛረየ
ባይታ ምስጨቀወ ምስጠልቀየ
ናውቲ ሸሚሙ
ንኹሉ ሰሊሙ... ምስራሰየ
ኣሻቡ ፈርዩ ባዴላ ኣፍራዛ
ኣሻቡ ፈልፈሉ መግነዚ ቃሬዛ
የግዳስ...
ኣሻቡ ድማ ይሃልኽ ኩሉ ይሻመዎ
ኩልና ንደልዮ ኩልና ንውንኖ

ነገር ኾናት እቲ ክፋኡ...
ኣዝመራኡ ከይደለኻዮ ምስዝበጽሕ
ፈንጤጋር መቓልሐ ማዕጾኻ ምስ ዝኹሕኩሕ
ሽው እዩ ኣበሳ ኾናት ኣበሳ ዘገማድሕ
ግና...
ከይፈተኻ ተሳስዮ
ከይደለኻ ተሳልዮ
ኣርሒቑ ክሃጥም ግን ኣ..ቤት ትጽልዮ!።

-ኣማኑኤል ኣስራት (ወዲ ኣስራት)